Tigrinska/ትግርኛ

# ኣብ ኣርቦጋ ኮሙን ብዛዕባ ምርጫ ናብ ሕብረት ኣውሮጳ ናይ 2024 ዝምልከት ሓበሬታ (EU-valet i Arboga kommun 2024)

ኣብዚ ምርጫ እዚ ዜጋታት ናይ ሃገራት ሕብረት ኣውሮጳ፡ ኣብ ባይቶ ሕብረት ኣውሮጳ ንዝመጽ 5 ዓመታት ዝውክልዎም ሕጹያት ዝመርጹሉ መስርሕ እዩ።

**ኣቐዲምካ ምምራጽ**

ኣብ ኣርቦጋ ኮሙን ካብ 22 ግንቦት-9 ሰነ 2024 ኣብ ዘሎ ግዜ ናብ ናይ ከተማ ቤት-ንባብ (stadsbiblioteket) ብምኻድ ከተድምጽ ትኽእል። ኣቐዲሞም ንኽድምጹ ምእንቲ ክኽእሉ፡ ኣድመጽቲ ብቑዕ መንነት ወረቐትን መድመጺ ካርድን/ሰነድን ክርእዩ ኣሎዎም። እቲ መድመጺ ካርድ/ሰነድ እንተ ጠፊኡኩም ሰራሕተኛታት ናይቲ ቤት-ንባብ ሓድሽ መድመጺ ካርድ/ሰነድ ይህቡኹም። ኣብቲ ናይ ምርጫ መዓልቲ ዕለት 9 ሰነ እቲ ቤት-ንባብ ንኣቐዲሞም ንዝመርጹን ወይ ድማ ከም ስሩዕ መድመጺ ኣደራሽ ኮይኑ ኣገልግሎቱ ይህብ።

**እቲ ቤት-ንባብ ዝኽፈተሉ ግዜ ካብ 22 ግንቦት – 8 ሰነ**

| | |
|---|---|
| ሰኑይ-ሓሙስ | 10.30-19.00 |
| ዓርቢ | 10.30-16.00 |
| ቀዳም-ሰንበት | 11.00-14.00 |
| ሰንበት 9 ሰነ | 08.00-21.00 |

ኣብ መድኦከር ዝርከብ ክሎካረጎርደን ዝበሃል ናይ ሰበኻ ኣዳራሽ (Klockaregården i Medåker) ኣብቲ ስሩዕ ናይ ምርጫ መዓልቲ ንኣቐዲሞም ዘድምጹ እውን ክፉት ይኸውን። እቲ ኣዳራሽ ተኸፊቱ ዝጸንሓሉ ሰዓታት፡ 10.00-14.00 እዩ።

**ኣብ ስሩዕ መድመጺ ኣደራሽ ከድካ ምምራጽ**

ኣብቲ ናይ ምርጫ መዓልቲ እቶም ናይ መድመጺ ኣደራሻት ተኸፊቶም ዝጸንሑሉ ሰዓታት፡ 08-21.00 እዩ። ኣብቲ  መድመጺ ካርድ/ሰነድ እቲ መራጺ ኣበየናይ ናይ ምርጫ ኣደራሽ ከይዱ ከም ዘድምጽ ሰፊሩ ኣሎ።ኣብቲ ናይ ምርጫ መዓልቲ ዘድምጽ መራጺ ብቑዕ መንነት ወረቐት ክህልዎ ኣሎዎ።

- መመገቢ ኣደራሽ ናይ ብራትበሪ ስኩላን ሊንጎንስቲገን (Lingonstigen 9)
- ኣደራሽ ጂም ናይ የትሉንዳ ስኩላ ሺርክቨገን (Kyrkvägen 16)
- መመገቢ ኣደራሽ ናይ የድጎርድ ስኩላ የድጎርድስጋታን (Gäddgårdsgatan 1)
- መመገቢ ኣደራሽ ናይ ላዱባክ ስኩላ ኣሪክስሉንድስቨገን (Erikslundsvägen 3)
- መመገቢ ኣደራሽ ናይ ኒቢሆልም ስኩላ ስታሾንስጋታን (Stationsgatan 14)
- መመገቢ ኣደራሽ ናይ ቫሳጂምናሴት ስኩልቨገን (Skolvägen 4)
- ናይ ኣርቦጋ ናይ ከተማ ቤት-ንባብ ካፐልጋታን (Kapellgatan 19 B)
- መድቦርያርሁሰት ኣለፍስጋታን (Medborgarhuset, Ahllöfsgatan 5)

**ተንቀሳቐስቲ ተቐበልቲ ድምጺ**

ነቶም ባዕሎም ናብ መድመጺ ቦታ ክይዶም ክድምጹ ዘይኽእሉ ኣብ ተንቀሳቐስቲ ተቐበልቲ ድምጺ ክድምጹ/ክመርጹ ይኽእሉ። ኣብ ኣርቦጋ ኮሙን ካብ 22 ግንቦት - 9 ሰነ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ተንቀሳቐስቲ ተቐበልቲ ድምጺ ክህልዉ እዮም፡እዚ ማለት ድማ ክልተ ተቐበልቲ ድምጺ ኣብ ገዛ መራጺ ብምኻድ ንኽድምጽ ይሕግዙዎ። ተንቀሳቐስቲ ተቐበልቲ ድምጺ ትደልዩ እንተኰንኩም ምስ ቤት-ጽሕፈት ምርጫ ናይ ኣርቦጋ ኮሙን በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ስልኪ ተራኸቡ 0589–87090። ቤት-ጽሕፈት ምርጫ ብእንግሊዝኛ ንዘቐርቡ ሕቶታት ኣብ ምምላሽ ይተሓባበር።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**

ንኣቐዲምካ ምድማጽን ኣብቲ መዓልቲ ምርጫ ምድማጽን ኣብ ኣርቦጋ ኮሙን ዝምልከቱ ሕቶታት ምስ ዝህልዉኹም፡ምስ ቤት-ጽሕፈት ምርጫ ናይ ኣርቦጋ ኮሙን በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ስልኪ ተራኸቡ 0589–87090 ወይ ድማ በዚ ዝስዕብ ኢ-መይል val@arboga.se.

ናይ ኣርቦጋ ኮሙን ወብሳይት: www.arboga.se/euval

ብዛዕባ ምርጫ ባይቶ ኣውሮጳዊ ሕብረት ናይ 2024 ኣብ ወብሳይት ናይ ብዓል መዚ ምርጫ ብምእታው ተወሳኺ ሓበሬታ ከተንብብ ትኽእል።

ብዛዕባ ምርጫ ባይቶ ኣውሮጳዊ ሕብረት ናይ 2024 ኣብ ወብሳይት ባይቶ ኣውሮጳዊ ሕብረት ብምእታው ተወሳኺ ሓበሬታ ከተንብብ ትኽእል።

ኣብዚ ብምእታው ብቐሊል ቋንቋ ሽወደን ዝተጻሕፈ፡ ምርጫ ባይቶ ኣውሮጳዊ ሕብረት ከመይ ከምዝካየድ ከተንብብ ትኽእል።